## ፍሉይ ኣገልግሎት ኣብ ገዛ (SSAH)
## ናይ ሓበሬታ ወረቀት

ontario

መደብ ፍሉይ ኣገልግሎት ኣብ ገዛ (SSAH) ነቶም ንሓደ ናይ ምዕባለን/ወይ ኣካላዊ ስንክልና ዘለዎ ህጻን ዝኣልዩ ስድራቤታት ይሕግዝ። ብሚኒስትሪ ማሕበረሰብን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ዝምወልን ዝመሓደርን እዩ።

ብመንገዲ SSAH ዝወሃብ ምወላ ንስድራቤታት ኣብ ገዛ ወይ ካብ ገዛ ወጻኢ ንዝወሃብ ፍሉይ ኣገልግሎት ንኽኽፍሉ ይሕግዞም፤

- **ውላዶም ሓደስቲ ክእለታትን ዓቅምታትን ክመሃር ምሕጋዝ፣ ከም ናይ ርክብ ክእለቱ ምምሕያሽን ዝያዳ ናጻ ክኸውንን፤ ከምኡ'ውን/ወይ**
- **ንስድራቤት ናይ ዕረፍቲ ደገፍ ምሃብ - ስድራቤታት ካብ መዓልታዊ ክንክን ውላዶም ዕረፍቲ ወይ ዕረፍቲ ዝህቦም ኣገልግሎታት ንምኽፋል ምወላ ክረኽቡ ይኽእሉ።**

### ዕረፍቲ እንታይ እዩ?

ስድራቤታት ንሓደ ስንክልና ዘለዎ ህጻን ኣብ ምእላይ ተወሳኺ ሓላፍነት ክህልዎም ይኽእል እዩ። SSAH ንናይ ዕረፍቲ ወይ ነቶም ቀንዲ ኣላይቲ ሩፍታን ከምኡዉን ተዛመድቲ ደገፋትን ምወላ ይህብ። እቲ ስንክልና ዘለዎ ህጻን ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ደገፍ ክጥቀም ተኽእሎ እኳ እንተሎ፡ እቲ ቀንዲ ዕላማ ግን ነታ ስድራቤት ነቲ ዝተለለየ ድሌታቶም ንኸማልእ ምሕጋዝ እዩ።
ዕረፍቲ ነቶም ቀንዲ ኣላዪ ኣባል ስድራቤት ስንኩል ምሃብ ነቲ መሰረታዊናይ ምእላይ ከለቱ የዕብዮ። ዘይቀጥታዊ ሓገዝ ነቶም ቀንዲ ኣለይቲ ሩፍታ ንምሃብን ስለዚ ዉን ካብቲ ናይ ምእላይን ካልኦት ሓላፍነቶም ንቁሩብ ግዜ ንኽእለዩን ይሕግዝ።

### ንመን ክቖጽር ይኽእል?

- ባዕልኻ እትቖጽሮ ሰራሕተኛ
- ብኤጀንሲ ኣቢሉ ዝተቖጽረ ሰራሕተኛ
- ልዕሊ 18 ዓመት ዝዕድሚኡን ቀንዲ ኣላዪ፡ ወላዲ፡ ሰብኣይ ኣደ ወይ ሰይተቦ ዘይኮነ ኣባል ስድራቤት

**ሰራሕተኛ ንምርካብ ከምእዉን ሓገዝ ንምርካብን ኣብ ማሕበረሰብኩም ብዛዕባ ኣገልግሎታት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብን ናብ www.respiteservices.com ተወከሱ።**

ይቅጽል...

## ከመይ ጌረ SSAH ምወላይ ክጥቀመሉ ይኽእል?

### ናይ SSAH ምወላኻ ነዞም ዝስዕቡ ኣገልግሎታት ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ።

- ቀንዲ መደበት ካምፕ /መዘናግዒ
- ፍሉይ ናይ ካምፕ /መዘናግዒ መደበት
- ንመቑጸሪ ሰራሕተኛ ፍሉይ ኣገልግሎት ዝኸውን መወዓውዒ
- ውልቃዊ ምዕባለን ንምሃብ ፍሉይ ኣገልግሎት/ደገፍ ሰራሕተኛ
- ናይ ሰራሕተኛ ናይ መገሻ ወጻኢታት ነቶም ምጉዕዓዝ ፍሉይ ድሌት ዘለዎ ቆልዓ
- ንፍሉይ ድሌት ዘለዎ ህጻን ንመሰረታዊ ቀረብ ፕሮግራም ንምትግባር (ንኣብነት:ፍላሽ ካርድ)
- ናይ ኣባልነት ክፍሊት ንፍሉይ ድሌት ዘለዎም ማሕበራት (ፍሉይ ኦሎምፒክ፣ ማሕበር ዳውን ሲንድሮም።
- 1:1 ናይ ደገፍ ሰራሕተኛ ኣብ ካምፕ ወይ መዘናግዒ መደብ
- ንኣባል ስድራቤት ወይ ሰራሕተኛ ዝወሃብ ስልጠና፡ ንርድኢት ድሌታት ናይቲ ስንክልና ዘለዎ ህጻን ዘዕቢ
- ፍሉይ ወጻኢታት ክንክን ህጻናት (ን12 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ህጻናት)
- ነቶም ፍሉይ ሕክምናዊ ክንክን ዘድልዮም ህጻናት ምሕብሓብ
- ስሩዕ ዕማማት ገዛ - ቀሊል ጽሬት ገዛ፡ ምድላው መግቢ፡ ምሕጻብ ክዳውንቲ፡ ምቑራጽ ሳዕሪ፡ ከምኡ'ውን ምእላይ በረድ
- ናይ ጂም ኣባልነት ክፍሊት ንፍሉይ ድሌት ዘለዎ ቆልዓ
- ደይ ኬር/መዋእለ ህጻናት ከም ዕረፍቲ ወይ ንማሕበራዊ ርክብ ዝምከር እንተኾይኑ

### ናይ SSAH ምወላኻ ነዞም ዝስዕቡ ኣገልግሎታት ክትጥቀመሉ ኣይትኽእልን ኢኻ፤

- ናይ ትምህርቲ ደገፍን ንናይ ኣካዳሚያዊ ትምርቲን መደባትን።
- ክፍሊት ካምፕ ንኣሕዋት
- መሰረታዊ ክንክን (i.e., ክዳውንቲ፡ መግቢ፡ ዳያፐር፡ ስሩዕ ሕክምናዊ ወጻኢታት)
- ናይ ሓደ ግዜ ናይ መእተዊ ወጻኢታት (i.e., ፡ ፊልምታት፡ መዘናግዒ ፓርክታት፡ ቤተ መዘክር)
- ትሕቲ 12 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ስሩዕ ክንክን ህጻናት
- ክፍሊትን ወጻኢታት ትምህርትን ስራሕን ዝኸውን
- ሓገዝቲ መሳርሒታት፣ ፍሉያት መሳርሒታት፣ ናይ ገዛ ምምሕያሽ
- ኣገልግሎት ሕክምና ስኒ
- ኣብ ቤት ትምህርቲ 1:1 ደገፍ
- ሞያዊ ኣገልግሎት ንኡሳንን ላዕለዎትን ቴራፒስት (ንኣብነት፡ IBI፡ ABA፡ ፍወሳ ንምዝራብ: ሞያዊ ፍወሳ፡ ፊዚዮቴራፒ)
- ናይ ስፖርት መሳርሒታት
- ኤሌክትሮኒክስ (i.e., ፡ ስልክታት፡ ኮምፒዩተራት፡ ታብለታት)

**ብቅዓት ወጻኢታትኩም ኽምለሰልኩም ርግጸኛታት እንተዘይኮይንኩም ን ፍሉይ ናይ ስምምዓትኩም ሓላፊ ንኽትረኽቡ ንላቦ። 1-877-832-2818**